# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.308 | ዓርቢ 25 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ኣካላትና

ገጽ 3
ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን



ገጽ 5
ህይወትን ሞትን



ገጽ 6
ፖለቲካ ስርናይ . . .



ገጽ 7
ደንደን፡ ሻምፕዮን ምዃና ኣፍሊጣ



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ኣኼባ ብሪክስን መሻርኽቲ ሃገራትን መደረ ኣስሚዑ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ኣብ ጆሃንስበርግ - ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተቓነዐ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ብሪክስን መሻርኽቲ ሃገራትን፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ህሉው ዘይፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ዘጸርር መደረ ኣስሚዑ።

ኣብ'ዚ ልዕሊ 65 መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ከም'ኡ'ውን ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንመንግስቲን ህዝቢን ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ስለ'ቲ ምውቅ እንግዶተም ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ እዚ ርክብ'ዚ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ቀራና መንገዲ ኣብ ዝርከበሉ ኣገዳሲ ጽግኩር እዋን ይቃናዕ ምህላዉ፣ እዚ ድማ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ህሉው ዓለማዊ መዋቕር ምሕደራ ብዘተኸስተ ፍሽለትን ዘይጸንዕርን ዘይፍትሓውን ኣካይዳን ከምዝኾነ ገለጸ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንዝማዕበለ 'ክልተ ቀጽራዊ ስርዓት' ዝተክአ 'እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት'፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት፡ ንዓለምና ናብ ቀጻሊ ግጭታትን ዘይምርግጋእን ሸሚምዋ ከምዝርከብ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ጉይቶት ሃይሙና፡ ዓለምና ርእዩቶ ናብ ዘይትፈልጥ ዕንወት ዝደፍኣሉ ዘለው እዋን፡ ዘይሕጋውን በይናውን እገዳታት ከም መሳርሒ ተጠቒሞም ኑተን ናጽነተን ክዕቅባ ዝደልያ ሃገራት ንምቕጻዕ ዝጥቀምሉ ዘለው ምኳኑ ኣገዝሐበ።

ንኮ'ቲ ዓለማዊ ስርዓት ብምቕዋም፡ ጽንዓርን ፍትሓውን ዓለማዊ ስርዓት ክውን ንምግባር ዝሰማዕ ደምጺ እናበርከ ይመጽእ ከምዝሎ ዘዘኸረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዝ ክብርታት'ዚ ዝቖሞ ብሪክስን ካልኦት ኣህጉራዊ ውድባትን ሓላፍነት ወሲደን ተነጨባጢ ዕላማታትን ስትራተጅን ክውንና ከምዝዮዮአ ኣስሚርሉ።

ካብ 22 ነሓሰ ብዝተፈላለየ መልክዖት ክካየድ ዝቖየ መበል 15 ዋዕላ መራሕቲ ኣባል ሃገራት 'ብሪክስ'፡ ደምዳሚ ኣዋጅ ብምውጻእ ተዛዚሙ ኣሎ።

ማስረትቲ ኣባላት ብሪክስ - ብራዚል፡ ሩስያ፡ ህንዲ፡ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ምስፋሕ ናይ'ቲ ቀጽሪ፡ ካብ'ተን ንኣባልነት ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪበን ዝበራ ልዕሊ 20 ሃገራት፡ ንኣርጀንቲና፡ ግብጺ፡ ሰዑዲያ፡ ኢራን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኢትዮጵያን ብወግዒ ክጽንበራ ወሲነን።






## ደቡብ - ጨ/ሚ/ትምህርቲ፡ መደባት ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23 ገምጊሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ብ18ን 19ን ነሓሰ ኩነታት ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23 ኣብ ዝገምገመሉ፡ መጠን ምሕላፍ 86 ሚእታዊት፡ መጠን ምቁራጽ 6 ሚእታዊት፡ መጠን ምትራፍ ድማ 8 ሚእታዊት ከምዝነበረ ገለጸ።

ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር ሀብትዝጊ ኪዳን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ብጠቕላላ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ልዕሊ 231 ሽሕ ተመሃሮ ከምዝተመዝገቡ፣ መጠን ምሕላፍ ኣብ መባእታ 93 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ 78 ሚእታዊት፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ድማ - 75 ሚእታዊት ምንባሩ ኣረዲኡ።





ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝርከባ 28 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ 5,183 ተመሃሮኣን - ኣብ መበል 36 ዙርያ ናብ ሳዋ ከምዝወሰዱ፡ ኣብ መበል 35 ዙርያ ካብ ዝተሳተፉ 3,400 ተመሃሮ ድማ - 72 ወከንቲ ምሉእ ኣብዊ ሓዊሽካ 631 ናይ ዲግሪ፡ 282 ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ከምዝመጽኡ ገለጸ።

መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ብዝምልከት፡ ካብ 5,835 ኣዴታት - እተን ልዕሊ 77 ሚእታዊት ትምህርተን ዛዚመን።

ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት፡ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ድሕሪ ምምጓስ፡ ዓቕሚ መማህራን ምብራኽ ቀዳምነት ክወሃቦ ሓቲቶም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መምህር ቃልኣብ ተስፋስላሴ፡ ምሸታዊ ትምህርቲ ንምሕያል ክስራሓሉ፡ ወለዲ ደቆም ኣብ ምምእዛን ዝሕግዝዎ ትምህርቲ ክውደብሎም. . . ተላቢዩ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ኣካላትና

ምዕሩይ መኣዛ ዘለዎ ስርዓተ-ኣመጋግባ፡ ንኣካላትና ሓያሎ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ፡፡ ብኣንጻሩ፡ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዝጎደሎ ኣመጋግባ - ንኣካላዊ ብቕዓትናን ጥዕናናን ጉዳኢ እዩ፡፡ ኣካላትና ክረኽቦ ካብ ዝግብኦ መኣዛዊ ትሕዝቶ ምስ ዝጎድሎ፡ ናይ ባዕሉ ግብረ-መልሲ ስለ ዝህብ፡ እቲ ምልክታቱ ብቐሊሉ እዩ ዝንፀባረቕ፡፡ ኣካላትና ዋሕዲ ቫይታሚን ምስ ዘጋጥሞ ዝንፀባረቑ ምልክታት፦

**=> ብቐሊሉ ተሰባሪ ጸጕርን ጽፍሪ ኣጻብዕትን፦** 'ባዮቲን' (biotin) ናይ ዝተባህለ ወህደት ቫይታሚን ዋሕዲ ምስ ዝህልወና፡ ጸጕርናን ጽፍሪ ኣጻብዕትናን ብቐሊሉ ተሰባሪ እዩም ዝኾኑ፡፡ 'ባዮቲን' ቫይታሚን 'ቢ-7' ኮይኑ፡ ኣካላትና ንመግቢ ናብ ጸዓት ንምቕያር ዝሕግዝ ወህደት እዩ፡፡

**=> መቑሰልቲ ኣፍን መንቃዕቲ ኣብ ጫፍ መኻፍቶ ኣፍን፦** መኻፍቶ ኣፍና ቁሰሉ ክንብልዕን ክንዛረብን ምስ ዘሸግረና፡ ጠንቁ ዋሕዲ ቫይታሚን 'ቢ' ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

**=> ድኻም ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ኣብ ግዜ ለይቲ፦** እኹል ቫይታሚን 'ኤ' ዘለዎም መግብታት ምስ ዘይንወስድ፡ ድኹም ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ኣብ ግዜ ለይቲ ኬጋጥመና ይኽእል፡፡

**=> ምቅርራፍ ቁርበት ርእስን ፎሮፎርን፦** እዚ ጸገም'ዚ ሙብዛሕትኡ እዋን፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ቫይታሚን እዩ ዘጋጥም፡፡ ትሑት ዓቐን 'ዚንክ' ኣብ ደም፡ ዋሕዲ 'ኒያሲን' (niacin) - ማለት ቫይታሚን 'ቢ-3'፡ ዋሕዲ 'ሪቦፍላቪን' (riboflavin) - ማለት ቫይታሚን 'ቢ-2'፡ ዋሕዲ 'ፓይሪዶክሲን' (pyridoxine) - ማለት ቫይታሚን 'ቢ-6' ምቅርራፍ ቁርበትን ፎሮፎርን ከስዕቡ ይኽእሉ፡፡

=> መድመይቲ ግርጻን፦ ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ዘለዎ ሰብ፡ ግርጻኑ ብቐሊሉ እዩ ዝደሚ፡፡ ቫይታሚን 'ሲ' መጉዳእቲ ኣጋጢሙና ኣብ ምሕዋይ ከም'ኡ'ውን ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኣብ ምጉልባት፣ ምምራዝ ሰብነት ኣብ ምክልኻል፡ ዝተጎድኡ ዋህዮታት ኣብ ምጽጋን. . . ወዘተ ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ፡፡

እቲ ኻልእ ከቢድ ሳዕቤን ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ'፡ ብሰንኩ ዝስዕብ ሕማም ደም - ማለት ሩጥባ (scurvy) እዩ፡፡ ሩጥባ - ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካላትና የዳኽም፡ ጭዋዳታትናን ኣዕጽምትናን ይሃሲ፡፡ ከም ሳዕቤኑ ብቐሊሉ ድኻምን ምስልቻውን ይስመዓና፡፡

**ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ'**

ሩጥባ (Scurvy) - ብዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ዝመጽእ ኣብ ደም ዝንፀባረቕ ዓይነት ሕማም እዩ፡፡

ቫይታሚን 'ሲ' ወይ ድማ 'ስኮርቢች ኣሲድ' (ascorbic acid)፡ ኣገዳሲ መኣዛዊ መግቢ እዩ፡፡ ኣብ መስርሕን ኣሰራርዓን ዝተፈላለዩ ኣካላት ወዲ-ሰብ ልዑል ተራ እዩ ዝጻወት፡፡ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፦

'ኮላጀን' (collagen) ዝተባህለ ፕሮቲን የቖውም፡፡ እዚ ፕሮቲን'ዚ ቲሹታት ኣካላት ብዝግባእ ክራኸቡን ክመዓራረዩን ይሕግዝ፡፡

ኣብ ኣካላትና ዝህሉ ዘየድሊ ኮሌስትሮልን ዝተኻዘነ ፕሮቲንን - ሜታቦላይዝ ንምግባር (ንምሕቃቕ) ይሕግዝ፡፡

'ኣይረን' ተመጺዩ ከም ዝተርፍ ይገብር፡፡

ኣካላትና ከይምረዝ ይከላኸል፡፡

ዝተጎድአ ኣካላት ብቐሊሉ ከም ዝሓዊ ይገብር፡፡

ካብ ሓንጎል ብመንገዲ መትንታት ንዝፍኖ ተዘዚታዊ መልእኽቲ፡ ናብ መላእ ሰብነትና ኣብ ምትሕልላፍ ይነጥፍ፡፡

**ምልክታት ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' እንታይ እዮም?**

ከምቲ ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ኣካላትና ልዑል ተራ ዝህልዎ፡ ሕጽረት ናይ'ዚ መኣዛ እዚ ድማ - ኣብ ኣካላትና ሓያሎ ጥዕናዊ ጸገማት እዩ ዝፈጥር፡፡ ምልክታቱ ድማ ብቐሊሉ እዩ ዝንፀባረቕ፡፡

እቲ ምልክት፡ እቲ ሕጽረት ቫይታሚን 'ሲ' ካብ ዘጋጥም ኣርባዕተ ሰሙናት እንተቐጸሉ እዩ ክርኣ ዝጀምር፡፡ እቲ ምልክት እናማዕበለን ኣብ ኣካላት ከቢድ ጉድኣት ይፈጥር ከም ዘሎ ንምልላይ ግና፡ ሰለስተ ወይ ልዕሊኡ ኣዋርሕ የድሊ፡፡

**ቀዳሞት ዝርአዩ ምልክታት ሕማም ሩጥባ፦**

* ድኻም፡
* ክትገልጾ ዘይከኣል ምስልቻው፡
* ምጉዳል ሸውሃት፡
* ብቐሊሉ ምሕራቕን ምንዳርን፡
* ቃንዛን ሰሓን መሓውር፡
* ረስኒ፡
* ምቅርራፍ ቁርበትን ምርጋፍ ጸጉሪ ርእስን. . . ወዘተ ይጥቀሱ፡፡



ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ንደሓር ኣብ ዘሎ ግዜ ዝርአዩ ምልክልታት፦

* 'ኣነሚያ' (anemia) - ደም ስሓው ቀያሕቲ ዋህዮታትን ሄሞግሎቢንን ክህልዎ ይጀምር፡
* ነድሪ ግርጻን (gingivitis) - ግርጻን ክረቅቕን ደም ከም ዝሰረበ ዘመልክት ክቕይሕን ይጅምር፡፡ ኣብ'ዚ፡ እቲ ግርጻን ብቐሊሉ ክደሚን ክቁስልን ይርአ፡
* መድመይቲ ቁርበት (skin hemorrhages) - ቀጻሊ ትሕተ ቁርበታዊ መድመይቲ የጋጥም፡
* ምምሽማሽ ኣስናን (tooth decay)፡
* ምስብባርን ምጥንናግን ጸጉሪ ርእሲ፡
* ብቐሊሉ ዝህሰ መላግቦ ኣዕጽምቲ፡
* ሕጽረት እስትንፋስ፡
* ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡
* ምስሓው ፈሳሲ ዓይኒን ሰሓን፡
* ቁስሊ ብቐሊሉ ዘይምሕዋይ ከም'ኡ'ውን ምጉዳል ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካላት፡
* ተኣፋፍነት ንብርሃን፡
* ብንጹር ዘይምርኣይ (blurred vision)፡
* ተደጋጋሚ ቃንዛ ርእሲ. . . ወዘተ ይጥቀሱ፡፡

ሕማም ሩጥባ ብኣጋኡ ኣለሊኻ ክትፍውሶ ምስ ዘይከኣል፡ ንህይወት ዝፈታትን ዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ሕማም ምስ ዘይፍወስ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ክፈጥሮ ዝኽእል ዝተሓላለኸ ምልክታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

ከቢድ ሕማም ወይቦ - ምብጫው ቁርበት ሰብነትን ዓይንን፡

ከቢድ ቃንዛ ኣካላትን ብቐሊሉ ምድኻም ሰብነትን፡

**'ሄሞላይሲስ'** (hemolysis) - ዓይነት ኣነሚያ ኮይኑ፡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብቑጽሪ ኣዝዮም ክውሕዱን ንጥፈታቶም ክጎድልን እንከሎ የመልክት፡

ብቐሊሉ ምስብባርን ምምላቑን ኣስናን፡

ክቱር ረስኒ፡

ከቢድ ቃንዛ ጻዕዳ ኢድን እግርን፡

ምንፍርፋር (convulsions)፡

ፍሽለት ኣካላት (organ failure)፡

ምህትፍታፍ (delirium)፡

ዕውለት (coma)፡

ኣብ መወዳእታ ሞት (death)፡፡

**ሩጥባ ኣብ ህጻናት**

ሩጥባ ዝሓመሙ ህጻናት ሓራቓት፡ ጭኑቓት ይኾኑ፡፡ ብቐሊሉ ከኣ ኣይሃድኡን እዮም፡፡ ኣካላቶም እውን ይለምሱ፡ ወይ'ውን ገለ ካብ መሓውሮም ካብ ግቡእ ቅርጹ ክወጽእ ይርአ - ይሰንክሉ፡፡ ብተወሳኺ፡ እቶም ህጻናት ዝሕቱል ምዕባለ/ዕብየት እዮም ዘርእዩ፡፡ ብቐሊሉ ተሰባሪ ዝኾነ ኣዕጽምቲ ይውንኑ፡፡ ኣካላቶም ብቐሊሉ ይደሚ፡፡

**ንሕማም ሩጥባ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ህጻናት፡**

* ዝተመጣጠነ መግቢ ካብ ዘይትወስድ ኣደ ዝውለዱ፡
* ብግቡእ ተኣልዮም ዘይዓበዩ፡
* መግቢ ናይ ምሕቃቕ፡ እቲ ዝሓቐቐ መግቢ ድማ ብግቡእ ናይ ምምጻይ ዓቕሚ ዘይብሎም፡
* ናይ ኣመጋግባ ጉድለት ዘለዎም እዮም፡፡

**ብሕማም ሩጥባ ናይ ምጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎታት**

ኣካላትና ቫይታሚን 'ሲ' ኣይሰርሕን እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ኩሉ ኣካላትና ዘድልዮ ዓቐን ቫይታሚን 'ሲ' ካብቲ እንምገቦን እንሰትዮን ኢና ክንረኽቦ እንኽእል፡፡

ሙብዛሕትኦም ብሕማም ሩጥባ ዝጥቅዑ ሰባት፡ እኹል ቀረብ ሓዲሽ ፍሩታን ኣሕምልትን ዘይረኽቡ ወይ'ውን ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ዘየዘውትሩ እዮም፡፡ ዕድመ፡ ልምዳዊ ኩነታት ኣነብብራናን እንወስዶ ዓይነት መድሃኒትን፡ ብሕማም ሩጥባ ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎታት የዛይዶ እዩ፡፡

ህጻናትን ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሽማግለታትን፡

መዓልታዊ ኣልኮላዊ መስተ ዝወስዱ ሰባት፡

ሓሸሽን ዘይሕጋዊ መድሃኒትን ዘዘውትሩ ሰባት፡

ብብሕትውና ዝተዋሕጡ ሰባት፡

ዝተወሰነ ዓይነት ኣመጋግባ ዘዘውትሩ ሰባት፡

ስደተኛታትን ግዱሳም ሓደርን፡

እኹል ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ዘይርከቦ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት፡

ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ግዳያት፡ ኣካለ ስንኩላን፡

መግቢ ናይ ምሕቃቕ (ሜታቦላይዝ ናይ ምግባር) ጸገም ዘለዎም ሰባት፡

ቀጻሊ ውጹኣት ዝሕዞም ሰባት፡

ድርቀት ዘለዎም ሰባት፡

ኣትከኽቲ ሽጋራ፡

ሕማም ኩሊት ዘለዎም ሰባት. . . ወዘተ ብሩጥባ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ፡፡

**ፍወሳ**

ሕማም ሩጥባ፡ ንኽትፍውሶ ብዙሕ ኣጸጋሚ ከም ዘይኮነ እዮም ሓካይም ዝዛረቡ፡፡ እዚ ግና፡ እቲ ሕማም ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ምስ ዝህሉ እዩ፡፡ ቫይታሚን 'ሲ' ካብ ሓያሎ ኣሕምልትን ፍረታትን ክንረኽቦ እንኽእል መኣዛ እዩ፡፡ ስለ'ዚ፡ ቀሊል ዝኾነ ሕማም ሩጥባ ምስ እትሓምም ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ሓሙሽተ ሳዕ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘለዎ መግቢ ክትወስድ ይምከር፡፡

እቲ ሕማም ኣብ ዘለዓለ ደረጃኡ ደይቡ ከቢድ ምስ ዝኸውን ግና፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ኣድላዪ ዝኾነ ክንክን ክትገብር ከም ዘለካ ኣይትዘንግዕ፡፡

**ምምሕያሽ**

ብሕማም ሩጥባ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ሕክምናዊ ፍወሳ ክግበረሉ እንከሎ ቀልጢፉ እዩ ምምሕያሽ ዝምጽእ፡፡

= ቃንዛ፡
= ድኻም፡
= ምድንጋር፡
= ቃንዛ ርእሲ፣ ኩሎም እዚኦም ምልክታት - ፍወሳ ኣብ ዝጀመርካሉ ውሑዳት መዓልታት ክመሓየሹ ይረኣዩ፡፡

**መዓልታዊ ክንወስዶ ዝግበኣና ቫይታሚን 'ሲ'**

=> ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኦ ጾታ)፡ ክሳብ 40 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 7 ክሳብ 12 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 50 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 15 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 4 ክሳብ 8 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 25 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 9 ክሳብ 13 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 45 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 14 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም፡ ደቂ-ተባዕትዮ 75 ሚሊ. ግራም ደቂ-ኣንስትዮ ድማ 65 ሚሊ. ግራም የድልዮም፡፡ እታ ኣብ 18 ዓመት ዕድመ እትርከብ ጓል-ኣንስተይቲ ነፍሰ-ጾር ምስ እትኸውን 80 ሚሊ. ግራም፡ ተጥቡ እንተላ ድማ 115 ሚሊ. ግራም ቫይታሚን 'ሲ' የድልያ፡፡

=> ካብ 19 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም፡ ደቂ-ተባዕትዮ 90 ሚሊ. ግራም ደቂ-ኣንስትዮ ድማ 70 ሚሊ. ግራም የድልዮም፡፡ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ነፍሰ-ጾር ምስ እትኸውን 85 ሚሊ. ግራም፡ ተጥቡ እንተኾይና ድማ 120 ሚሊ. ግራም ቫይታሚን 'ሲ' የድልያ፡፡

ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ካብቶም ዘየትክኹ ብ35 ሚሊ. ግራም ዝዛይድ ቫይታሚን 'ሲ' መዓልታዊ ክወስዱ ከም ዘለዎም ይምከር፡፡

**ምንጩ ቫይታሚን 'ሲ'**

'ሲትሩስ' (Citrus) ተባሂሎም ዝጽውዑ ከም ኣራንሺን ለሚንን ዝኣመሰሉ ፍረታት፡ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' እዩ ዘለዎም፡፡ ካልኦት ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ዘለዎም መግብታት፦

**ዘይቱንን ፓፓዮን፡**

ከም ቆስጣ፡ ሳላጣን ስፒናቺን ዝኣመሰሉ ቆጻላት ኣሕምልቲ፡

ካውሎ፡

ስትረውቤሪ፡

ፒናፕልን ማንጐስን፡

ኮሚደረ (ብፍላይ ጽማቑ)፡

ድንሽ. . . ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል፡፡

ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ማይ ናይ ምሕቃቕ ባህሪ ኣለዎ፡፡ ብብዝሒ ምብሳል፡ ምዕሻግን ነዊሕ መዓልታት ምዕቃብን ኑቲ መኣዛኡ የጥፍኦ እዩ፡፡ ስለ'ዚ፡ ቫታሚን 'ሲ' ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት፡ ብግቡእ ኣጽሪናን ኣምኪንናን ብጥሪኦም ወይ ብዙሕ ሓዊ ከይህረምና ክንወስዶም ይግባእ፡፡



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

### መበል 24 ክፋል

ኣብ ዓንቀጽ መበል 23 ክፋል ናይ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ እቲ ኣብ ክሳድ መስሓሊት ኣድኒብዩ ዝተጸበየ መደፍዓዢ ኣርፒጂ ብሸንኪ ተኻሊካዊ ጸገም ነታ ቀዳመይቲ ታንኪ ጸላኢ ከቃጽላ ስለ ዘይከኣለ ከም ዘምለጠት፣ ድሕሪኣ ሰዒባ ንዝመጸኣቶ ዙ-23 ዝዓጠቐት ሰሲፒ ምስ ኣቃጸላ ግን፡ ጸርግያ ከም እተዓጽወ፣ እንተኾነ፡ ኣጋር ሰራዊት ጸላኢ ካብ ማካይኖ ብምውራድ ጉዕዝኡ ብእግሪ ናብ ከረን ንምቕጻል ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ተወሳኺ ናይ ድሕሪት ጸቕጢ ከም ዘፈጠረ፣ ኣብ ሕክምና ክፍለ ሰራዊት ሆስፒታል እውን ንሓደጋ ዘቃልዕ ኩነት ብምፍጣሩ፡ ሓለፍቲ ናይቲ ኣሃዱ ሓገዝ ሰራዊት ከም ዝጠለቡ፣ እንተኾነ፡ "እቲ ጸገም ኣብ ኩሉ'ዩ ዘሎ፣ ዝከኣለኩም ጥራይ ግበሩ" ዝብል መልሲ ካብ እዚ ክፍለሰራዊት ከም ዝተዋህቡ ተረኺቡ። መቐጸልታኡ እንሆ፦

ኩነታት መስሓሊት፡ ብሓፈሻ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 52 ተፈጢሩ ዝነበረ ጸቕጢ-ብዓይኒ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከመይ ይጥመትን ይከታተሉዎን ከም ዝነበሩ ንምፍላጥ፡ ነታ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብተሓጋጋዚ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ግንባር ናቕፋ - ናብ ሓሙሽተ ኣዘዝቲ ክፍላተ ሰራዊት ዝተላእከት ህጹጽቲ መልእኽቲ ከም ዘላታ ኣብዚ ምቕራብ ሓፈሻዊ ስእሊ ክትህብ ትኽእል ተኾነውን እያ። እታ መልእኽቲ ኣብ 18 መጋቢት 1988 ሰዓት 24:00 - ናብ ውጩ፡ ዓሊ እብርሂም፡ ጠዊል፡ ሮመዳንን ፍሊጶስን ዝተላእከት ኮይና፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ከኣ ትብል፦

"ጸላኢ ብመስሓሊት ናይ ምፍንጣስ መደቡ እናዛየደ ይኸይድ ኣሎ፣ ካብ መንጥር ክልተ ብርጌዳት፡ ኣብ መስመር ኣቐርደት ካብ ዝተሰለፉ ሰንጥቓን ሓደ ታንክኛ ብርጌድን፡ ካብ 22 ክፍለጦር ሓደ ወይ ክልተ ብርጌዳት፡ 15 ክፍለ-ጦር ብምልኡ፡ 39 ክፍለጦር፡ 7ይ ኣየር ወለድ ብርጌድ፡ 27 ሜካናይዝድ ብርጌድን ካልኦት ዘይነጸሩ ብርጌዳትን ኣሰሊፉ ኣፍዓበት ንኽኣቱ ኣብ ከባቢ መስሓሊት ኣኪቡዎም ኣሎ። . . .ብወገንና ግን ኣፍዓበት ናይ ምቁጽጻር መደብ ይደናገ ኣሎ፣ ጽባሕ ንግሆ ሰዓት 8:00 ክንውድኦ እንተ ዘይክኢልና፡ ክ/ሰራዊት 52 ንበይኑ ኣዚ ዘርዝረዮ ዘለኹ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ክጸጥሞ ልዕሊ ዓቕሙ ስለ ዝኾነውን ኣሉታዊ ሳዕቤን ክኸትል እዩ" ትብል።

እዚ ሓበሬታ'ዚ፡ ንጽል መልእኽቲ ዝሓዘለ ጥራይ ኣይመስልን። ልዕሊ'ቲ ልሙድ ምምጋብ ጸጹይ ሓበሬታ ንመራሕቲ ውግእ፡ "ጭራ ኑበሪ ኣይትሓዝ፡ ካብ ሓዘካ ግን ኣይትፈኑ" ዝመስል እውን ኣለዎ። ብፍላይ እቲ ኣብ ሓደኛ ከባቢ ኣትዩ ዝዋጋእ ዝነበረ ክፍለሰራዊት 52 ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ንድሕሪት ናይ ምጥማት ዕድል ከም ዘይብሉ ኩሎቶም መራሕቲ ውግእ ብዝዋዕእ ተገንዚቦም ብፍጥነት ንቕድሚት ክንቀሳቐሱ ዘተሓሳሰበ መልእኽቲ እዩ።

ብርግጽ፡ ክሳብ 19 መጋቢት ኣብ ዘሎ ግዜ ኣፍዓበት ሓራ ኮይና ከፊል ንብረትን ሰራዊትን ናደው እዘውን ተደምሰሱ ቀዳማይ ሸቶ ብዓወት ተዓጺዩ እዩ፡፡ ግን፡ ስርሒት ሓመድ ደብ ናደው ምልኣት ብዘለዎን ብዘስተኻኽር ዓወትን ክዛዘም እንተኾይኑ፡ እቲ ኣብ መስሓሊት፡ ብሓፈሻ ኣብ ክፍለሰራዊት 52 ተፈጢሩ ዝነበረ ወጥሪ ተፈዊሱ ብሪብሓ ውድብ ክዛዘም ነይሩዎ። ማለት፡ ነቲ ንብረቱን ሰቡን ሒዙ ኣብ መስሓሊት ከምልጥ ዝኸራኸር ዝነበረ ክፋል ሰራዊት ናደው ኣብ ቀጽጽር ብምውዓል ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰብኣዊ ክሳራ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ልዕሊ ትጽቢት ንከይከይድ እውን ኣብ መስሓሊት ህጹጽ ስጉምቲ ክወሰድ ነይሩዎ። በዚ ምኽንያት፡ ድሕሪ ምሕራር ኣፍዓበት ኣዚ ረብሓታት'ዚ ብተግባር ንምርግጋጽ ብቐዳምነት ተልእኾ ዝወሰዱ ኣሃዱታት፡ ሓይልታት ክፍለሰራዊት 61 ምስ ሓደ ቦጦሎኒ ናይ ክፍለሰራዊት 52 ነበሩ። እዞም ሓይልታት'ዚኦቶም ኣብ ኣፍዓበት ከይተደናገዩ ቀጥታ ሸው መዓልቲ ናብ መስሓሊት ተንቀሳቐሱ።

ኣብቲ ሰዓት'ቲ ግን፡ ካብ ኣፍዓበት ናብ ግዝግዛን መስሓሊትን ማካይን ተሳፊርካ ስተት ኢልካ ክብጸሕ ዝከኣል ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብ መስመር ጸርግያ ኣፍዓበት-ግዝግዛ ጸላኢ ተዘርኢዎ ኣሎ። ዋላ'ኳ ኣብ ህድማ ዝነበረ ዝተሳዕረ ሰራዊት ይኹን'ምበር ንምስንኻል ዝኾነውን ተኽእሎታት ነይሩዎ። ካብ ኩሉ ኣጸጋሚ ዝነበረ ነገር፡ ተጋደልቲ ጽዒንካ ህጹጽ ስጉምቲ ንኽይውሰድ እተን ካብ ኣፍዓበት ሃዲመን ናብ ከረን ንኽኣትዋ ዝተበገሳ ተሸከርከርቲ ጸላኢ፡ ንጸርግያ ዓጽየንኦ ኣብ ቀልሃመት-ፊልቀጣየር ተረግሪገን ነበራ። በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ንኽፍለ ሰራዊት 52 ተኪኡ ብፍላይ ንግንባር መስሓሊት ከውሕስ ሓላፍነት ዝወሰደ ሓይልታት፡ ንዝተወሰና ሰዓታት ኣብ ኣፍዓበት ድሕሪ ምውድዳብ፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት 15:00 ብእግሩ ነቒሉ።

ነቲ ናብ መስሓሊት ዝምርሽ ዝነበረ ሰራዊት ኣብ መንገዱ ዘጋጥሞ ዝነበረ ትርኢት በበይኑ ዓይነታት እዩ። ወቐዒ ጸሓይ ጸመርብዖ በርቲዑዎ ፈቐዶ ቀጣቕጢ ዘጽለለ ሰራዊት ጸላኢ፣ እተን ተሸከርከርቲ ንህድማ ክቀዳደማ ክብላ ዝተጋምታኣም ሰብት፣ ኣብ ወሰናስን ጸርግያ ዝተገማጠዋ ማካይን... ይመስል ነበረ። ተጋደልቲ ተጓዒዞም ኣብ ቀልሃመት ክበጽሑ ጸሓይ ዓሪባ። ስለ ዝጸልመተ ኸኣ ነቲ ዘይጸረየ መንገዲ ብዘሰስዓም ክትጓዓዝ ስለ ዘይከኣል ሰራዊት ኣብኡ ሓደረ።

ንጽባሒቱ ንግሆ ተጋደልቲ ጉዕዞኦም ብምቕጻል ብሸንጭሮ ፊልቀጣየርን ቀጋይን ኩሓልፉ ከለዉ፡ ብማእከል'ቲ እልቢ ዘይብሉ ኣብ እግሪ መካይንን ቀጣቕጥን ዝተሸጎጠ ሰራዊት ጸላኢ ጥሒሶም ይሓልፉ ነበሩ። ኣብ መንሽቶም ወተሃደራት፡ ብዙሓት ሲቪል ሰራሕተኛታት - ከም መራሕቲ ማካይንን መጋቦ ሰራዊትን - ምስ ቆልዑሰበይቲ ሰድራቤታት ወተሃደራትን ኣለቕሊቖም ነበሩ። ኣብ መጽሓፍ ዝኽርታት ሓመድ ደብ ናደው ንኣሰ ኣርእስቲ "ዓሊ እብርሂምን ግንባር ናቕፋን" ሸው ኣብ ጎደኒ ሰወእ ዓሊ እብርሂም ዝተጓዕዘ ተጋዳላይ ጳውሎስ ክብርኣብ ምስ ጸሓፊ እቲ ዛንታ ዕላል ገይሩ ነይሩ። ነቲ ኣብ መንገዲ ከባቢ ቀጋይ ተፈጢሩ ዝነበረ ኩነታት ከኣ ስእላዊ ብዝመስል ኣገባብ ገሊጹዎ ንረኽቦ። ካብ መኻ ተረኺቡ፡ ሓንቲ ካብዘን ኣብ መኻ ሰራዊት ጸላኢ ዝነበራ ሲቪል ደቀንስትዮ፡ ኣብቲ በረኻ ሕማም ሕርሲ ስለ ዝተታሕዘት፡ ሃይለ (ወዲጳጥ) ዝበሃል ኣጋር ሓኪም ተጋዳላይ ከም ሰርዓት ዕትብቲ ቆሪጹ ነቲ ህጻን ከም ዘሕቆፋ ይገልጽ። እቶም ሲቪል ሰራሕተኛታት እውን ኣብ መንገዲ እናተኣኻኸቡ ጸዕዳ ጨርቂ (ጥንደራ) ፈልፈል እናበሉ ጸርግያ ተኸቲሎም ናብ ከረን ተጓዕዙ።

መጥቃዕቲ ኣፈርቲ ውግእ ጸላኢ ኸኣ ናብቲ ህልኽ ዝመልኦ ውግእ ናይ መስሓሊት ካብ ምትኳር ሓሊፉ፡ ብፍላይ ካብ ድሕሪ ቀትሪ ናይ ዕለት 20 ኣተን ኣብ ፊልቀጣየር ተዓጊተን ደው ዝበላ ታንክታትን በኤም-21ን ክዉርምኣን ጀመረ። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ገለ ካብተን ታንክታትን ኣራላትን ክቃጸላ ኸኣላ። እቲ ኣብ ሽምብቆታት ብረት ዝኸረሰ - ንኸትክሰ ዝተዓለውርኪታት በኤም-21 እውን ብድፍኣት ናይቲ ቃጸሎ ካብ ሽምብቆታቱ ተተኲሱ ኣብቲ ኾነታት ክዝርምን ንኣማይ ክበርርን ተራእዩ። ክኢላታት ኣባላት ሰንጥቅ ሜካናይዝድ ህዝባዊ ግንባርን ጋራጅን ተጋደልቲ ብወገኖም፡ ኣብ ወሽጢ ከምዚ ዝበለ ሓደጋ ኣትዮም ነቲ ሓደሽ ዝተማረኸ ኣጽዋር ኣብ ምውጻኡ ተቐዳደሙ።

መራሒ መስርዕ በረኸ ተስፋይ -እቲ ኣብ ዕለት 19 ለይቲ ኣብ ከባቢ ግዝግዛ ኣፍ ልቡ ተሃሪሙ ኣብ ማእከል ወታሃደራት ጸላኢ ዝተረፈ ተጋዳላይ- ኣጸሊሉ ኣብ ዝነበረ ቦታ ኮይኑ ነየም ካብ ኣፍዓበት ተጓዒዞም ዝመጽኡ ብጾት ክሓልፉ ረአዮም። ንሱ፡ ኻ ክሳብ ዕለት 20 ናብ ብጾቱ ተጸንቢሩ ረዲኤት ኣይረኸበን ጸኒሑ። ተሃሪሙ ድሕሪ ምውዳቑ ብዕድል ናብኡ ቀሪቡ ዝፈተሸ ወተሃደር ኣይነበረን። ኑብሱ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ግን፡ ካብኦም ኣብ ጥቓኡ ዝወደቑ ምውታት ወተሃደራት ቀጠልያ ክዳን ቀይሩ ተኸዲኑ ናብኦም ኣቐጺልቲ ዓይይ ከልግስ እናተደናናደ ሽሉ ምንቅስቓስ ናይ ሓደ ወተሃደር ጸላኢ ተመልከተ። በረኸ በቲ ምንቅስቓስ'ቲ ኣይተዓሸገን፡ በቲ ቋንቋኦም ገይሩ "ኣታ! ናይ መን ኣሃዱ ኢኻ? ሓሊፍኻ? . . . " ክብል ብድፍረት ሓተቶ'ሞ እቲ ወተሃደር ዝርዝር ኣብሉ ገለጸሉ። ድሕሪዚ

መራሒ መስርዕ በረኸ ተስፋይ፡ ምስእ ርእሰ ምትእምማን ተሰመዖ። ዘተኣማምን መንቀሳቐሲ መንኩት ከም ዝሓዘ ብዚይ ስክፍታ በርባዕተ መሓውሩ ቀስ እናበለ ናብቲ ኣቐጺልቲ ተጸጊዑ ተመሳሰለ።

ንጽባሒቱ ጸሓይ ምስ መረረ ግን፡ ጽላል ዝደለዩ ሓደ-ኽልተ ወተሃደራት ናብቲ ዝነበሮ ቦታ ተጸግዑ። ከም ገለ ንዝሓለተ ወተሃደር ከኣ ነታ ኣቕዲሙ ሓቲቱ ካብ ወገኖም ዝረኸቦ ኣድራሻ ተጠቒሙ ናይ ሓሶት መንነቱ እናገለጸ ከም ብጻዮም ኣብ ምድንጋጽ ከም ዘወድቑ ገበሮም። "ኢድካ በል ክንተሓጋገዝ ኢና" እናበሉ ኸኣ እቶም ጸላእቲ ሞራል ክህቡዎ ጀመሩ። ብኸም'ዚ ዝበለ ጥበብ ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ ናይ 20 መጋቢት ህይወቱ ዓቂቡ ተጸበየ።

ኣብዚ ዝተገልጸ ሰዓታት ግን፡ ካብ

ተጋዳላይ ሰዒድ ፈረጅ፡ ጌና እቲ ግንባር ክሳብ ዕለት 21 ንግሆ ኣብ እንግደዓ ሰራዊቱ ከም ዝነበረ ዘመልክት መልእኽቲ ብራድዮ ርክብ፡ ኣብ ሰዓት 01:05 ናብ 21 መጋቢት ዘውግሕ ለይቲ ናብ ተሓጋጋዚ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ግንባር ናቕፋ ልኢኹ ነበረ። እታ መልእኽቲ ኸኣ እዛ ትስዕብ እያ፦ "ሰራዊትና ብዚይ መግቢ ብዚይ ጥይት ራብዓይ መዓልቲ ገይሩ ኣሎ፣ ብሓቦ ይዋጋእ ኣሎ፣ ተሸገርና ኣለና" ትብል።

ካብዘን ካብ ክሳድ መስሓሊትን ከበበኣን ቀልጢፈን ዝተተክኣ ሓይልታት ሓንቲ ቦጦሎኒ 3-45 እያ። መራሕቲ ናይታ ቦጦሎኒ ንዝኾርታቶም ብድያሪታቶም ደሪዖም ኣብቲ ውግእ ዝገጠሞም ክሳራ ክገልጹ ኸለዉ፡ 28 ሰወኣትን 100




መንሽቶም ካብ ኣፍዓበት ተበጊሶም ናብ ምርብራብ ውግእ መስሓሊት ከርክቡ ብእግሪ ተጓዒዞም ኣብቲ ቦታ ዝበጽሑ ተጋደልቲ ናይ ክፍለ ሰራዊት 52 ናይ ሓደ ብቐረባ ዝፈልጦ ስም ተጋዳላይ ጸዊዑ ክረድኦም ሓበረ። እቶም ተጋደልቲ ኸኣ ኑቶም ወተሃደራት ማረኽዎም ንዕኡ'ውን ኣልዓልዎ።

በረኸ፡ ድሒሩ ኣብ ብርጌድ 19 ናይ ክ/ሰራዊት 52 እዩ ተመዲቡ። እታ ብርጌድ፡ ንሰርዓት ደርግ ኣብ ምድኻም ምስ ወያነ ተሓጋጊዛ ንኸተማ ሽረ (ኢትዮጵያ) ካብ ሰራዊት ደርግ ሓራ ንምውጻእ ብ1989 ካብ ኤርትራ ናብ ትግራይ ተጓዒዛ ነበረት። ኣብቲ ተልእኾ'ቲ በረኸ፡ ቀንጣሮ ሓመድ ኤርትራ ቋጺሩ ናብ ምድሪ ትግራይ ኣተወ። ኣብቲ ውግእ ተሰዊኡ ክቕበር ከሎ ኸኣ፡ ከም ለበዋኡ ኣብ ልዕሊ ሬሳኡ ሓመድ ኤርትራ ተነስኒሱ ብኽብሪ ተቐብረ። ንጅግንነታዊ ኣበርክቶ በረኸ ተስፋይ ዝገልጽ ዛንታ፡ ኣብ መጽሓፍ መፈጸምታ፡ "ሓመድ ሃገረይ" ዝብል ኣርእስቲ ተዋሂቡዎ ብሰፊሑ ተተሪኹ ኣሎ።

ነተን ካብ ኣፍዓበት ነቒለን ናብ መስሓሊት ንምብጻሕ ኣብ ጉዕዞ ዝነበራ ሓይልታት፡ "ዝኾነ ተጋዳላይ ኣንጸርጺሩ ኣብ መንገዲ ተዓጊቱ ዘሎ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ከይትከስ" ዝብል መምርሒ ተዋሂቡወን ነበረ። ኣዚ መምርሒ'ዚ ተኸቲለን ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 61 ከምኡ'ውን ቦጦሎኒ 1-45፡ ነቲ ኣብ ጸርግያ ዝጸንሐ ሰራዊት ጸላኢ የማን ጸጋም እናንሰያኦ ድሕሪ ናይ 24 ሰዓታት ጉዕዞ ግዝግዛ ኣተዋ። ኣብ ዕለት 20 ምሸት'ውን ኣብ ክሳድ መስሓሊት ዓሪደን ክዋግኣ ካብ ዝጸንሓ ንገለ ኣሃዱታት ክፍለ ሰራዊት 52 ክትክኣ ኸኣላ። ብሓፈሻ ግን እቲ መስርሕ ምርኻኻብ ንጽባሒቱ እዩ ተፈጺሙ።

ንኣብነት፡ ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት 52 ሰወእ

ውግኣትን ነበሩዎ። ኑቶም ውግኣት ከበጽሑ ካብቲ መስመር ውግእ ምስ ዝተንቀሳቐሱ ወሲኽካ ምስ ተራእዩ፡ እታ ቦጦሎኒ ሰብ ዘይብላ እያ ተሪፋ።

እቲ መካሰኺሊ መስመር ብሓፈሻ ብኣሃዱታት ክ/ሰራዊት 61 ምስ ተተክአ፡ ዓቕሚ ዝነበረን ቦጦሎኒታት ክ'ሰራዊት 52 ናብ ኢትጥሓልን ከባቢ እንሽሽን ተንቀሳቐሳ። ብፍላይ ቦጦሎኒ 2-45 ግን ነቲ ኣብ ከባቢ ሕክምና ቀዳማይ ረዲኤት ክፍለሰራዊት ተፈጢሩ ዝነበረ ኩነታት ከተረጋግእ ብህጹጽ ናብ ሆስፒታል ተላእከት።

**ይቕጽል**




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ (ቀጥታ) |
| 15:30 | FILM |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም በርህ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢዳኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቁባስላሴ

## ናይ ምዝካር ክእለት ንምሕያል

ኣሰሞት ምሳኻ ዝበዩ መሓዙትካ ምርሳዕ፡ ናይ ቀረባ ወይ ኣርእስቲ ናይ ሓንቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ዘንበብካያ መጽሓፍ ምርሳዕ መቸም ኣብ ብዙሓት ሰባት ዘጋጥም ተርእዮ እዩ። ከምዚ ዓይነት ምስ ናይ ምዝኻር ክእለት ዝተኣሳሰር ጉድለት፡ ኣካል ናይ እርጋንን ምንካይ ኢስትሮጅን ሆርሞን (ከዞኒ) ኣብ ደቂ ኣንስትዮን እዩ። ይኹን'ምበር እዚ ምስ ናይ ምዝኻር ክእለት ዝተኣሳሰር ጉድለት'ዚ፡ ንጉዕዞ እርጋን ከጋድድ ስለ ዝኽእል ኣሻቓሊ ኩይኑ ንረኽቦ። ስለዚ ነዚ ጸገምዚ ንምቕላል ዝሕግዙ ነገራት ምንዳይ ግድነት ይኸውን። ንምኻኑ ምስ ዕድመ ንዘተሓላለዝ ናይ ምዝኻር ጉድለት ንምቕላል ዘለዉና ዕድላት ንምስፋሕ ዝሕግዙና መኣዛታት መግቢ ወይ ካልእ ብልሓታት ይህልዉዶ?

ኣብ ኣመጋግባና ጸረ ምረት (antioxidants) ዘለዎም ቀመማት ከዘውትር ከም ዘለና ክኢላታት ይሕብሩ። ቀመማት ጸረ ምረት ንዋህዮታት ኣካላትና ካብ ናጻ ራዲካላት (free radicals) ክውርዶም ንዘኽእል ዕንወት ዝከላኸሉን ዝጽግኑን ቪታሚናትን ማዕድናትን እዮም። ናይ ጸረ ምረት (antioxidant) ዘለዎም ዝተረጋገጹን ዒ.ተራ ዝጻወቱን ዓይነታት መግቢ ዘማልእ ናይ ኣመጋግባ ስትራተጂ ክንዘውትር ይግባእ።

ነዚ ዝሕግዙ፡ ብቐዳምነት ካብ ዝስርዑ፡ ዘቢብ ብለብሪን ስትሮቤሪ ካውሎ ፍዮሪ ስፒናቺ ምቁር ዱባ ከምኡ'ውን ካብ ቀመማት ማርጀሪምን በርበረን ዝኣመሰሉ'የም። እዞም ዝተጠቕሱ



ዓይነታት መግቢ እንተ ተኻኢሉ ኣብ መዓልታዊ መግብና ክንጥቀመሎም ዝተመርጸ'ዩ። ብዘይካዚ፡ ዘይቲ ኣውለዕ ምዝውታር፡ ምረትን ምቅጻልን ስለ ዘወግድ ኣገዳሲ እዩ። ጸለም ቸኮሌት፡ ትኹረት ንምዕባይ ተፈጥሮኣዊ መነቓቕሒ ካፈይን ኣለዎ። ጸለም ቸኮሌት ናብ ሓንጎል ዋሕዚ ደም ብምውሳኽ ንዘኽሪ ንቕሓትን ንጹርነትን ንምምሕያሽ ክሕግዝ ይኽእል።

## ስለምንታይ'ዩም ሰባት ብዛዕባ ምስኦም ዘየለዉ ሰባት ዝዛረቡ

ስለምታይከ ይኸውን ገለ ሰባት ምስኦም ጸኒሖም ካብኦም ርሒቖ ብዛዕባ ዝበሉ ዓርኮም ሕማቕ ዝዛረቡ? ሕሜታ ምዝውታር ድኽመት እዩ። ኣብ ክንድኡ ግብኢ ርእስኻ ምኽያድ ኣገዳሲ እዩ። ሰባት ስክፍታታቶም ብቐጥታ ኣብ ነንሕድሕዶም ክመያየጡ ይግባእ። ገለ ካብ ተመራመርቲ ስነልቦና ብዛዕባዚ ኣጋጢሞም ኣቕሪቦሞ ካብ ዘለዉ ነጥብታት፥

- ኣቓልቦ ንምርካብ- ንዝኣ ርእሶም ጸቡቕ ከም ዘለዉ ንኽምስሉ ብዛዕባ ካልኦት ሕማቕ ይዛረቡ።
- ቕንኢ፦ ሰባት ቕንኢ እንተ ደአ ተሰሚዖምም እዮም፡ ብዛዕባ ሰባት ዝዛረቡ። ቕንኢ ዝተሰመዖ ሰብ፡ እቲ ዝዛረበሉ ዘሎ ሰብ ትሕተኡ ምዃኑ ንምእማን'ዩ ብዛዕባኡ ዝዛረብ። እዚ ኸኣ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ደሓን ንኽስምዖ ብምባል'ዩ ዝገብሮ። ክፉእ ሕልና ስለ ዘለዎ ኸኡ ንቲ ሰብ ካልኦት ሰባት ክጸልእዎ ምእንቲ ሓሳማቹ ጥራይ'ዩ ዘልልል።



- ንበሰ ምትሓት፦ ሰባት ብዛዕባ ምስኦም ዘየለዉ ሰባት ዝዛረቡ፡ ልዕሊኦም መሲሎም ክርኣዩ ወሽጣዊ ባህጊ ስለ ዘለዎም'የም። "ክሱስ ንዓይ በሊጹኒ" ዝበል ሕማቕ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት፡ናይ ግድን'ዩም ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ'ቲ ሰብ ሕማቕ ነገር ኣልዒሎም ክዛረቡ - ብሉጻት መሲሎም ምእንቲ ክረኣዩ።
- ትብዓት ዘይምህላው፦ ገለ ሰባት ብቐጥታ ምስ ሰባት ኣብ ምፍጣጥ ክኣትዉ ኣይፈትዉን'ዮም። ካብዚ ዝበለጸ ከኣ ኣብ ክንዲ ገጽ ንገጽ ዝገጥምዎም፡ ንሶም ኣብ ዘየለዉሉ ብዛዕባኦም ምስ ካልኦት ሰባት ምዝራብ ይመርጹ። እዚ ከኣ ቀንዲ ምልክት ትብዓት ዘይምህላው'ዩ።
- ድኽመት፦ ሰባት ብዛዕባ ምስኦም ዘየለዉ ካልኦት ሰባት ሕማቕ ዝዛረቡ፡ ፊት-ንፊት ገጢሞም ዝደልዩዎ ከም ዘይረኽቡ እንተ ደኣ ፈሊጦም'የም። ዝኣበርዎ ስለ ዘይተበሎም ከኣ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሕማቕ ምዝራብ መውጽኢ ተሃናም ይኸውን። ካብዚ ዝዓቢ ምልክት ድኽመት ከኣ የለን።
- ኣንጻር እቲ ሰብ ምስ ዝኾኑ፦ ሓደ ካብቲ ሰባት ብዛዕባ ካልእ ውልቀሰብ ዝዛረቡሉ ምኽንያት፡ ኣንጻር እቲ ሰብ ገለ ነገር ስለ ዘለዎም፡ ሕጂ ግን ነቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ ክዋርርዎ ወይ ክገጥምዎ ስለ ዘይክእሉ እዩ። ምናልባት እቲ ሰብ ልዑል ደረጃ ዘለዎ ወይ ክትቀርቦ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ዘረባ ካብዚ ዝጠቐስናዮ ወጻኢ እንተ ደኣ ኾይኑ ግን፡ ፍትወት ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ብዛዕባ ዝኾነ ካልእ ሰብ ብዙሕ እንተ ደኣ ተዛሪቡ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ከም ኣርእስቲ ዘልዕሎ ዘሎ ሰብ ፍትወት ከም ዘለዎ ዘረጋግጽ ቀንዲ ምልክት'ዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ እቲ ዘረባ እወታዊ'ዩ።

## ዓምር ዲያብ

ዓምር ዲያብ ኣብ ፖርት ሰይድ - ግብጺ ብ11 ጥቅምቲ 1961ተወሊዱ። ዓምር ናይ መዚቃ ትምህርቱ ኣብ ካይሮ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ መዚቃ ብምክትታል ተመሪቑ። 'ያ ጣሪቕ' ዝሰመያ ቦኽሪ ኣልበሙ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ድሕሪ ምምራቑ ሽዑ-ንሽዑ ኣብ 1983 ናብ ዕዳጋ ዝዘርግሓ ኣልበም እያ ነይራ። እዛ ኣልበም እዚኣ ኣብ ሓጺር ህሞት ኣእዛን ብዙሓት ሰማዕቲ ብምርካብ ንበሉጽነት ዓምር ኾና ከይተበሰሰ ሓፍ ኣቢላቶ።

ኣብ ምዕባለ መዚቃ ዝንኣድ ስራሕ ዝሰርሐ ዝበረ ዓምር ዳይቡ "ፓን-ሜዲተራንያን" ዝተባህለ ሓድሽ ቅዲ መዚቃዊ ጸወታ ብምትእትታው ህቡብነቱ ሰማይ ኣዕረገ። ኣብ 1992 ከኣ ናይ መጀመርታ ዓረባዊ ስነጥበባዊ ኣፍራዪ ልዑል ቴክኖሎጂካዊ ጥበብ ዝሓለፎም መዚቃዊ ቪድዮታት ክኸውን በቒዑ።

ዓምር ድያብ፡ ኣብ ዓዲ ዓረብ ሓደ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ 10 ደረፍቲ'ዩ። ናይ ምዕራብን ማእከላይ ምብራቕን መዚቃ ብምውህሃድ ናይ ገዛእ ርእሱ ቅዲ መዚቃ ዝማዕበለ። ዓምር "ኣቦ መዚቃ ሜዲተራንያን" እናተባህለ'ዩ ዝጽዋዕ። ኣብ ዘመንና ካብ ዘለዉ ብሉጻት ዓረባውያን ተጻወትቲ መዚቃ ፖፕ ሓደ እዩ።

ካብ መላእ ማእከላይ ምብራቕ ዝዛየደ ብዝሒ ሺዎጥ ኣልበማት ብምምዝጋብ ብደረጃ ዓለም ሸውዓተ ግዜ ተሸላሚ ኩይኑ'ዩ። ኣብ መዚቃ ዓለም ካብ ዝኣተዉ ዓምር ንቤቱ ዝጃረተም ሽልማታት እዚኦም ጥራይ ኣይኮኑን። ሽልማት መዚቃ ኣፍሪቃ ኣብ 2009፡ ሽልማት ብሉጽ ደራፋይ ኣብ 2009…ወዘተ ወካሉዎት ካብቶም ንሱ ዝተሸለሞም እዮም። 'ኑር ኣል ዐይን' ዘርእስታ ኣልበሙ፡ ዓምር ኣብ 1996 ዘሕተማ'ያ። እዛ ልዕሊ ሰለስተ ሚልዮን ቅድሓት ዝተሸጠት ኣልበሙ፡ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ሓሊፋ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ኣፍቀርቲ መዚቃ ዘቓቕሐት ነይራ። 'ሓቢቢ' ዘርእስታ ደርፊ ኣብዛ ኣልበም ካብ ዝርከባ ደርፍታት ሓንቲ'ያ። ሓቢቢ ብዙሕብል ኣርእስቲ ዝተቐናበረት ኣልበም ድሕሪ ተሓቲማ'ያ።



'ኣወዱኒ' ኣብ ሓምለ 1998 ዝተሓትመት ኣልበም'ያ። ንህቡብነት ዓምር ኣብ ዓዲ ዓረብን ሰጊር ባሕርን ዘለዩሉት'ያ ነይራ። ተሰማዕነት ፍርያቱ ከኣ ኣብ ኩሉ ሸነኻት ሜዲተራንያን ክዝርጋሕ ከኣለ። እዚ ዝያዳ ድሕሪ'ታ ኣብ 1999 'ኣማርያን' ብዝብል ኣርእስቲ ዘሕተማ ኣልበሙ ዝተጋህደ ነበረ። 'ቃልቢ' ዘርእስታ ንጽል ደርፊ፡ ኣብዛ ኣልበም ካብ ዘለዋ ደርፍታት ሓንቲ'ያ። 'ታማሊ ማዓክ" ዘርእስታ ደርፊ ካብታ ኣብ 2000 ዘሕተማ ኣልበም ሓንቲ ኩይና፡ ንበሉጽ ክእለት ዓምር ዝደረሰት'ያ ነይራ። ዓምር ነዛ ኣልበም ብምሕታሙ ኣብ መዚቃ ዓረብ መሰረታዊ ለውጢ'ዩ ኣምጺኡ። 'ታማሊ ማዓክ ብሰረፍ ታግ-ኣወሃሃዲ ዘመናዊ መዚቃ'ያ ተቓናቢራ። ንሱ፡ ኣብዛ ደርፍን ካልኦት ደርፍታትን ናይ ስጳኛ ህርመት ጊታር'ዩ ተጠቒሙ። ክሊፕ ናይዛ ደርፊ'ውን ኣዝዩ ዕውት'ያ ነይራ። ስርሓት ዓምር በዚ ደው ኣይበሉን። 'ኣክተር ዋሕድ' ኣብ ነሓሰ 2001 ዘሕተማ ኣልበም'ያ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብዝበዝሐ መሸጣ ተሸላሚት ዓለማዊ ሽልማት መዚቃ ክትከውን በቒዓት። ኣብ ክረምቲ 2007 'ኢል ሊያላ ደ" ዝተሰምየት ኣልበም ኣሕቲሙ ናብ ዕዳጋ ክዝርግሕ ከኣለ። ዓምር ከኣ፡ ብመገዲ እዛ ኣልበም ኣቢሉ ብዝመዝገቦ ብዝሒ ሺያጥ፡ ብሉጽ ስነጥበባዊ ማእከላይ ምብራቕ ተባሂሉ ሽልማት መዚቃ ዓለም ዓቲሩ። ኣብ 2009 'ዋያህ' ዘርእስታ ኣልበም ንሰማዕቲ ድልውቲ ብምግባር፡ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ከም ትዝርጋሕ ገበረ። ኣብ 2010'ን 2011'ን ከኣ፡ 'ኣስላሓ በተፍረ'ን 'ባናዲኽ ታዓላ'ን ዘርእስተን ኣልበማት ኣኸታቲሉ ኣሕቲሙ። ዳርጋ ዓመታዊ ሓንቲ ኣልበም ከሕትም ዝጀመረ ዓምር፡ ክሳብ'ዚ እዋን 36 ብሉጽ መሸጣ ዘመዝገባ ኣልበማት ብምዝርጋሕ ኮኾብ መዚቀኛ ዓዲ ዓረብ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። ኣብ 2014 ዝዘርግሖ ኣልበም 'ሾፍት ኤል ኣያም' ኣብ ቢልቦርድ ቀዳማይ ናይ መጀመርታ ግብጻውን ማእከላይ ምብራቓዊን ተዋሳኣይ ኩይኑ እዩ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2018 ድማ 'ኩል ሃያቲ'፡ 2019 'ኣና ጊር'፡ ኣብ ለካቲት 2020 ከኣ 16 ደርፍታት ዝሓቖፈት መበል 36 ኣልበሙ 'ሳህራን' እትብል ኣልበምን ካልኦትን ብርቂ ስራሓት ዘርከበ ስነጥበበኛ እዩ።

## ሳዕቤናት ግዱድ መርዓ

ሃሲያ ግዱድ መርዓ ክንብል እንከለና፡ ብኣካላውን ሞራላውን ዘይተቐበልካዮ ስነስርዓት መርዓ፡ ተገዲድካ ክትፍጽም እንከለኻ እዩ። ይኹን እምበር፡ ግዱድ መርዓ ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ዝያዳ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ እዩ ዝዘውትር። እተን ብኣስገዳድ ወይ ብዘይ ድሌተን ዝምርዓዋ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ከም ሕማም ልቢ፡ ሕማም ሽኮር፡ ወቕዒ ልቢ ከኸትለለን ከም ዝኽእል ክኢላታት ይሕብሩ። ግዲያት ካልእ ናይ ኣእምሮ ጸገማት ክህልዎምን ከም ንበሰ ምጉዳእ፡ ተስፋ ምቑራጽ ዝኣመሰሉ ባህርያት ከምኡ'ውን ሓሸሸን ኣልኮላዊ መስተ ብዘይግቡእ ምጥቃምን ባህርያት ክርእዩ ይኽእሉ።

ተወሰኸ፡ ሓደ ካብቲ ንግዳያት ግዱድ መርዓ ዘጋጥሞም ዓበይቲ ጸገማት እዩ። እቶም ሓገዝ ዝደልዩ ሰባት ካብቲ ኩነታት ክሃድሙ ከለዉ፡ ኣብ ከቢድ ጸቕጢ ስለ ዝወድቁ። እዚ ድማ፡ ናብ ማሕበራዊ ምግላልን ካብ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ምግላዕን የስዕብ። ነቲ ጸቕጢ ንምምላስ ድማ እቶም ግዳያት ንነብሶም ክጎድኡን ንበሰ ቕትለት ክሓስቡን ይኽእሉ።

ግዳያት ግዱድ መርዓ ካብ ትምህርቲ ስለ ዝቋረጹ፡ በዚ ድማ ውልቃውን ትምህርታውን ምዕባለኦም ዝድርቱሉ ኣጋጣሚታት ይኸስት። ብተወሳኺ እቶም ክኢላታት ከም ዝሕብርዎ፡ እተን ብዘይፍታወን ምስ ካልእ መጻምድቲ ክቕረና ዝግደዳ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ህይወተን ኣዝዩን ጭቡጣትን ዘይርጉኣትን ከም ዝኾና ይጠቕሱ። ግዱድ ወይ ብዘይድላይ ዝፍጸም መርዓ ወላ'ኳ ኣብቶም ኣንጻር ድታ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ናይ ምንጽርጻርን ምጭናቕን ጸገም ዘፈጥር እንተኾኑ እቲ ጸገም ዝያዳ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዓዚዙ ከም ዝርአ ይሕበር። ዝበዝሐ ቁጽሪ ግዱድ መርዓ ዝራኣየለን ሃገራት፡ ኣብተን ድኻታትን ትሑት ኣታዊታት ዝርከበለንን ሃገራት ምዃኑ እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ይሕብር። ግዱድ መርዓ ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ባህልታት፡ ልምድታት፡ ብሄራት፡ ዓሌታትን ሃይማኖታትን ዝፍጸም ኩይኑ፡ ኣብ ጥምሎድሽ፡ ፓኪስታንን ህንዲን ኣብ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ ምዃኑ ይንገር።



# ዜና ወጻኢ

ሽዊት ተኽለ

## ጸርገ-ሕዋስ ማይ ጃፓን ናብ ውቅያኖስ ክጕሓፍ ጀሚሩ

ጃፓን ካብ ኩባንያ መመንጨዊ ኑክለስያዊ ሓይሊ ‘ፉኩሺማ’ ጸርጊ ዘለዎ (ዝተበከለ) ብኣኻልልጻኣ ግን ጕዱኢ ዘይኮነ ማይ፥ ናብ ውቅያኖስ ክትጕሕፍ ከም ዝጀመረት ኣፍሊጣ።

ኣብ ኑክሌሳዊ ትካል ፉኩሺማ፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ 2011 ዘጋጠመ ሱናሚ ዝተበከለ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ማይ፥ ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ኣማኢት ኢጋንእ ተዓቂቡ ከምዘሎ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ጃፓን ነቲ ማይ ብዘቕሩብ ናብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ትኽዕዎ ከምዘላ፡ ብዚ ድማ ምሉእ መስርሕ ምጕሓፍ እቲ ማይ ክሳብ 40 ዓመት ክወስድ ከምዝኽእል ይእምቱ።

ነቲ ውጥን ዝደገፈ ኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት፡ ንመስርሕ ምጕሓፍ እቲ ጸርጊ ዘለዎ ማይ ዝቆጻጸሩ ኣባላቱ ኣብቲ ቦታ ከምዝለወጡ ሓደሽቶም ክሳብ ክንደይ ምኽንያት ንምንጻር ቅምሶታት ማይን ዓሳን ክውሰዱ ምኽንያቶም ኣፍሊጦም።

ጃፓን ብወገና፡ ብዘይካ እቲ ካብ ማይ ንምእላይ ኣጸጋሚ ዝኾነ ‘ትሪቲየም’ ዝተባህለ ባእታ፡ ኩሎም ጸርጋውያን ባእታታት ከምዝጸረዩ እያ እትሕብር ዘላ።

ክሳብ መጋቢት 2024 ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ ኣርባዕተ እብረ ገለ ክፋል ናይ’ቲ ማይ ክጕሓፍ ምኽንያት ዝገለጸ እቲ ኩባንያ፡ ኣብ ኣፍሲ-ወሰፍ ምግሓፍ - 7,800 ሜትሮ ኩቦ ማይ ምስ ማያት ሰላማዊ ውቅያኖስ ክሕወስ ምኽንያት ሓቢሩ።

እቲ ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ ቀዳማይ እብረ መስርሕ ምጕሓፍ፡ ኣስታት 17 መዓልታት ክወስድ ትጽቢት ይግበር።

ኣብ ሓደ ሊትሮ ናይ’ቲ ዝሓለፈ ዘሎ ማይ ኣስታት 190 በክረል (መለክዒ ጸርግኣዊ ባእታታት) ትሪትየም ከምዝርከብ እትጠቅስ ጃፓን፡ እቲ ኣሃዛ ኣብ ሓደ ሊትሮ ዝስተ ማይ 10 ሽሕ በክረል ካብ ዝበል ገደብ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣዝዩ ዝተሓተ ምኽንያቱ፡ ኣብ ጥዕና ሰብ ኣሰጋኢ ከምዘይኮነ’ውን እያ እትምጉት።



## ነፈርቲ ኲናት ሩስያ ኣብ ሶርያ ስርሒት ኣካዪደን

ነፈርቲ ኲናት ሩስያ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ሶርያ ብዘካየደኦ ደብዳብ፡ ብውሑዱ 26 ሸበራውያን ዕጡቓት ከምእተቐትሉ፥ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ኣፍሊጡ።

በቲ ኣብ ኣውራጃ ኢድሊብ ዝተፈጸመ ደብዳብ፡ ብርክት ዝበሉ ካልኦት ከምዝቖሰሉን ኣብ ልዕሊ ሸበራውያን ዕጡቓት ከቢድ ንዋታዊ ዕንወት ከምዘወረደን እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

በዚ ሓዲሽ ደብዳብ ገለ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ናይ’ቶም ሸበራውያን ዕጡቓት ከምእተቐትሉ’ውን ሩስያ ኣቃሊሓ።

ነፈርቲ ኲናት ሩስያን ሶርያን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ስሳ ብዘካየደኦ ተመሳሳሊ ስርሒት’ውን ዓሰርተታት ሸበራውያን ዕጡቓት ከምእተቐትሉ ይዝከር።

ሩስያ፡ ካብ 2015 ብፍቓድ መንግስቲ ሶርያ ኣብ’ታ ሃገር ወተሃደራዊ ምትእትታው ተካይድ ከምዘላ ይፍለጥ።

ሃገራት ምዕራብ ብሓፈሻ፡ ኣመሪካ ድማ ብፍላይ ካብ 2011 ኣብ ሶርያ ብእተካየደ ዘላ ዘይሕጋዊ ወተሃደራዊ ምትእትታው፥ ኪኖ ሰባዊ ክሳራታት፡ ንምጭብጫሕ ሸበራውያን ምቹእ ባይታ ከምዝፈጠረ፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይጠቕሱ።

ኣመሪካ ብስም ስርሒት ኣንጻር ሸበራውያን ዕጡቓት፡ ብኣደ ዋኒና ናብ ሶርያ ብምእታው ነቲ ብጸጋታት ነዳዲ ሃብታም ዝኾነ ሰሜናዊ ክፋል ሶርያ ክሳብ ሕጂ ተቖጻጺራቶ ከምዘላ ጸብጻባት ይገልጹ።



## ሰሜን ኮርያ ዘካየደቶ ፈተነ ምውንጫፍ ሳተላይት ፈሺሉ

ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ዘካየደቶ ፈተነ ምውንጫፍ ናይ ስለያ ሳተላይት ከምዝፈሸለ ኣገልግሎት ዜና እታ ሃገር ሓቢሩ። እታ ሃገር ኣቐዲማ ዘካየደቶ ተመሳሳሊ ፈተነ’ውን ከምዘይተዓወተ ይዝከር።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣገልግሎት ዜና ኬሲኤንኤ፥ ቀዳማይን ካልኣይን መድረኽ በረራታት ሮኬት ብዓበይቲ እኳ እንተተሰላሰለ፡ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ብዘጋጠመ ጌጋ ግን እቲ ፈተነ ኣይተዓወተን።

በዚ ድማ፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ ልዕሊ’ቲ ዝፈሸለ ፈተነ ግቡእ መርመራ ከምእትገብርን ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ድማ ሳልሳይ ፈተነ ክተካይድ ምኽንያን እያ ትገልጽ ዘላ።

ገለ ስብርባር ናይታ ዝፈሸለት ሮኬት ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ኣብ ጥምጥም ፊሊፒንስ ከምዝወደቐ መንግስቲ ጃፓን ገሊጹ።

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ዮንግ ኡን፡ ንወተሃደራዊ ሓይሊ እታ ሃገር ንምሕላው ምዕቡል ኣጽዋር ንምዕጣቕን ቀዳምነት ካብ ዝሀቦ መደባት ሓደ፥ ናይ ስለያ ሳተላይት ምምዕባል ምኽንያቱ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብ ወርሒ ግንቦት ዝተኻየደ ናይ መጀመርታ ፈተነ ከምዝፈሸለ ኣብ እዋኑ ዝሓበሩ ሰበስልጣን ሰሜን ኮርያ፡ እቲ ፕሮጀክት ክሳብ ዝዕወት ተደጋጋሚ ፈተነ ከምዝካየዱ ቃል ምእታዎም ይግለጽ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ጃፓን፡ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ነቲ ሰሜን ኮርያ ዘካየደቶ ፈተነ፡ ብትሪ ከምዝቃወምኦ ኣብ ዝሓብኦ መግለጺ ሓቢረን።

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሰለስቲአን ሃገራት ኣብ ዘካየድዎ ናይ ተሌፎን ርክብ፡ ከም መልሱግብሪ ናይ’ቲ ፈተነ ኣብ ልዕሊ ሰሜን ኮርያ እጉዳ ክመሓላለፍ ከምእተሰማምዓ ተገሊጹ።



## ኣልጀርያ፡ ንጠለባት ፈረንሳ ከምዝነጸገት ኣፍሊጣ

ኣልጀርያ፡ ኣብ ኒጀር ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብወተሃደራዊ ስርሒት ንምፍታሕ ክሊ ኣየራ ክፉት ክትገብሮ ብፈረንሳ ንዘቐረበላ ሕቶ ከምዝነጸገቶ ኣፍሊጣ።

ኣልጀርያ ንጠለባት ፈረንሳ ዝነጸገት፡ ኣብ ኒጀር ንዝፍጸም ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ወተሃደራዊ ምትእትታው ብምቅዋምን ፖለቲካዊ ቅልውላው ኒጀር ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ክፍታሕ ብምጥላባን እያ።

ኣልጀርያ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኒጀር ክካየድ ዝተወጠነ ወተሃደራዊ ስርሒት ኣመልኪታ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይሃበትን ዘላ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ኒጀር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ንክሊ ኣየር ኣልጀርያ ክትጥቀመሉ ከምዝይተሓተተት ብምግላጽ ነቲ ብኣልጀርያ ዝተዋህበ መግለጺ ነጺጋቶ።

ኣብ ኒጀር ድሕሪ ዝተፈጸመ ዕልዋ መንግስቲ፡ ኣብ ጎደናታት ርእሰከተማ እታ ሃገር - ኒያመይ ኣንጻር ፈረንሳ ዝቐንዐ ተቓውሞታት ብቐጻሊ ይካየድ ምህላዉ ይግለጽ።



## ኣብ 2022፡ 70 ሚልዮን ህዝቢ ኤስያ ኣብ ድኽነት ተሸሚሙ

ኣብ ኤስያ፡ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስን ንኡ ዘኸተሎ ወሰኽ ዋጋ መነባብሮን ኣስታት 70 ሚልዮን ዝኾነ ህዝቢ እታ ኣህጉር ኣብ ከቢድ ድኽነት ከምእተሸመመ ኣብ ፊሊፒንስ ዝመደበሩ ባንክ ልምዓት ኤስያ (ኤይ.ዲ.ቢ) ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ኣፍሊጡ።

በዚ ድማ፡ ኣብ 2022 ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ኤስያ ብጠቕላላ ልዕሊ 155 ሚልዮን ህዝቢ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው ከምዘጋጠሞ እቲ ባንኪ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ባንኪ፡ ኣብ 2021 ኣብ ዘውጽኦ ትንቢያ፡ ኣብቲ ዞባ ተወሳኺ 80 ሚልዮን ዝኾነ ህዝቢ ቁጠባዊ ቅልውላው ከጋጥሞ ከምዝኽእል ኣሚቱ ምንባሩ ይጥቀስ።

ባንኪ ዓለም፡ ከቢድ ድኽነት ኣብ መዓልቲ ብትሕቲ 2.15 ዶላር ምንባር ምኽንያት እዩ ዝሕብር።

ኣብቲ ዞባ ኣብ ምቕላስ ድኽነት ቀጻሊ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ብጠምጋም 30 ሚእታዊት ማለት ኣስታት 1.26 ቢልዮን ካብ ህዝቢ’ቲ ዞባ ክሳብ 2030 ደረጃ መነባብሮኦም ካብ ከምዝዕበልን ኣብ መዓልቲ ካብ 3.65 ዶላር ክሳብ 6.85 ዶላር ወጻኢታት ብምግባር ክነብሩ ትጽቢት ከምዝግበርን የረድኡ።

እቲ ባንኪ ወሲኹ፥ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እቲ ዞባ፡ ማሕበራዊ ድሕንነት ክሐይላ፡ ፊናንሲያዊ ኣገልግሎታት ክመሓየሻ፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ወፍሪ ክገብራን ምህዞታት ቴክኖሎጂ ክዕብያን ሓሳብ ኣቕሪቡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናቫ | 25/08/2023 | ግደና ዓይገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፖስጣ ኡዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565